# ዓይነይ ጸጊቡ ቆፎይ መሊኡ
# ሓረስታይ ፍርያቱ ሓፊሱ ህዝቢ ተደሪሩ።

ብክፍላይ ተኪኤ
ዕለት 20-11-05

ዝኸበርካ ኣንባቢ ዓይነይ ጸጊቡ ቆፎይ መሊኡ ሓረስታይ ፍርያቱ ሓፊሱ ህዝቢ ተደሪሩ ዝብል ኣርእስቲ ተመርኪሰ ክጽሕፍ እንከለኹ ከም ሓሳብ ኣቕራብን- ጻሓፍን ስለ ዝኾንኩ ከኣ ዝተማልአ ተማሊኡ ኢለ ኣብ ጽሑፈይ ከስፍሮ እዚ ከኣ ናይ ሓደ ሓሳብ ኣቕራብን- ጸሓፍን ባህሪ እዩ።
ብዝያዳ ከኣ ደቂ-ሰባት ዓድን፣ሃገርን፣መንግስትን፣ሕግን ስለ ዘለዎ ምስ መዓልታዊ ናብርኡ ምስ ባህርያት-ህዋሳቱ ዝኽይድ ወትሩ ዝሕብሮ ኣምር ናይ ህይወቱ ሓደ እዩ።
ስለዚ ደቂ-ሰባት እንታይ ተገይሩ-እንታይ ተሰሪሑ- እንታይ ወጺኡ-እንታይ ኣትዩ. ብሓፈሻኡ ጸጋታቱን -ፍርያቱን ክፈልጦም ናይ ሓደ ሕብረተ-ሰብ ብስለት እዩ።
እምበኣርከስ ኣብ ሓደ ሕብረተ-ሰብ ኣብ ሓደ እኩብ ህዝቢ ኣብ ሓደ መንግስትን-ሃገርን እዚ ኣበሃህላ እዚ ምስ ዝህሉ ዝኾኑ ነገራት እንተ ብኣዎንታዊ- እንተ ብኣሉታዊ ብኣጋ ክዕረን፣ክማዕራረን፣ ክእረምን ዝኽእል ናይ ሓደ ኣሰራርሓ ኣምር  እዩ።እዚ ከኣ ቅልጡፍ ጠመተ ኣብ ሓደ ሕብረተሰብ ክህሉ ዘለዎ ሕጋውን፣ዲሞክራስያውን ኣሰራርሓ ናይ ሓቅነት ምዕራፍ ሓደ እዩ።እዚ ሕብሪ ኣምራትዚ ክሳብ ዘየሎ ግን መስርዕ ሕቶ፣ መስርዕ ኣፍልጦ፣መስርዕ ስራሓት ኩሉ ግዜ ኣብ መንጎ ህዝብን፣መንግስትን ኣጸጋሚ ይኸውን፡ ስለዚ እዚ ንኽይከውን ብኽልቲኡ ሸነኻት ዕግበታት ክህሉ ኣለዎ።
ናብ ትሕዝቶ ኣርእስተይ ክምለስ እንከለኹ ወድሰብ ኣብዛ ዓለም ንኽነብር ብዝተፈላለየ መንገድታትን፣ጻዕርታትን ላዕልን ታሕትን ክብል ክሳብ ኣብዛ ዓለም ዘሎ ጥራሕ ዘይኮነስ ንወለዶታት ከታሓላልፍን ሰረታት ክገድፍን፡ እዚ ከኣ ናይ ጥዑይ ሕብረተሰብ ኣተሓሳስባ እዩ፡ ምኽንያቱ ወድሰብ ሓላፊ ስለዝኾነ።
ዝኸበርካ ህዝቢ ኤርትራ ዝኸበርካ ኣንባቢ ዓይነይ ጸጊቡ ቆፎይ መሊኡ ሓረስታይ ፍርያቱ ሓፊሱ ህዝቢ ተደሪሩ ክብል እንከለኹ ሓደ ዓቢ መልእኽቲ ንጻዕረኛ ሓረስታይ ነቲ ሓያል ጻዕረኛ ናይ ማእቶታዊ ስራሓት ተሓባባራይ መንእሰይ ዋርሳይ እንኳዕ ተወለድካ እናበልኩ ኣመጉስ ንዝተፈላለየ ስራሓትካ።
እንታ መንእሰይ ዋርሳይ ቃላት ይሓጽረኒ እንታይ ከምዝብለካ ዋርሳይ ተወሊድካ ዓቢኻ ዋርሳይ ዝብል ስም ተዋሂቡካ ናይቶም ዝሓለፉ ጀጋኑ ኣቦታትካን፣ኣያታትካን ዋርሳይ ንህዝቢ ሰራዊት ኮንካ፡ ሃገር ኣውሒስካ ልዑላውነት( sovereignity ) ሃገር ኣመስኪርካ። ኣንታ ንኡስ መንእሰይ ዋርሳይ ንጹህ እንዲኻ ንመሰናኽላት ሰጊርካ መከራን፣
ሽግርን ተጻዊርካ ከም መንእሰይ ሃይ እኳዘይበልካ ታሪኽ ሰሪሕካ ብግዜ ኲናት ብትብዓት ቁልፍካ ሸጥ ዘበልካ፡ ብግዜ ጸሓይን- ቁርን ብግዜ ንፋስን- ህቦብላን ንኩሉ ተጻዊርካ መን ኣሎ ከማኻ ፡ ብሉጽ ዕንባባ ሃገር መንእሰይ ዋርሳይ ግዜ ከፊኡ'ምበር ንስኻ ከም ዕድሜኻ ነዚ ኩሉ መሳልል ሽግር ኣይመተገባኣካን፡ ሕድስ ተወዲኡ እዩ ሽግርካ፡ ሕልምታት ኣሎኒ ናይ ብርሃን ሰላም። ዊዓላ ሓዲራ ምምጻኣ ኣይተርፉን እታ ብሩራዊት ሰላም፡ ኮነ ፍስሃ ወሰላም ንህዝቢ ኤርትራ።
ዋርሳይ ደጋጊመ ክጽውዓካ ዳግማይ ቅያ ፍርያም ዘሕፈስካ፡ ሓሪስካ ጽሂኻ ዓጺድካ ብሙሉእ ጉልበትካ ኣፍሲስካ ምስ ሓረስታይ ከም ማይን-ጻባን ኰንካ ንህዝብኻ ቆፍኡ ዘምላእካ፡ ሃገር ብቀጠልያ ተሰሊማ፡ ንሓረስታይ- ንህዝብኻን ፍሽክታ ዘስነቕካ ካብ ጥሜት ዘድሓንካ፡ ኤርትራዊ ኣይጠምን  እምበር ጻዕረኛ ኩሉ ናይ ክርስቶስ ውህበት ጸጋ እዩ። ንስኻ እንቋዕ ተወለድካ ኣምላኽ ኣሎ ምሳኻ፡ ንጹህ ስለ ዝኾንካ።

መንእሰይ ዋርሳይ ሰብ ኣዛሪብካ፡ ዓይነ ስዉር ብምስማዕ ቀጠልያ እርኢ ኣለኹ ዘበልካ፡ ሕሙም ብሓጎስ፤ብተስፋ ቃንዛ የብለይን ዝብል ቃል ዘሕደርካ ሓኻይም ንባዕሎም ተገረሙ ቃንዛታት ሓዲኦም ፍሽኽታ ገጻት ዓብሊሎም ምስ ወዓሉ፡ ክቡራት ኣዴታት ሓዘነን ቀንጠጣ ንኣምላኸን ለመና ካብ ሕጂ ንደሓር ሰላም የውርደልና ክብላ ከኣላ፡ ኩሉ ኤርትራዊ ይሕበን ብኣኻ፡ ክብሪ ይሓብ ንዓኻ፡ ዋርሳይ መንእሰይ ዕምባባ። ዋርሳይ ኣይወዳእኩን ሓሳባተይ፡ ኣይውዳእን እዩ ናትካ ቁምነገር ናይ ኣእምሮ ኣተሓሳስባ ትዕድልቲ ዘሎካ፡ ናይ ኣፍልጦ ስራሓት ግዜ ዘይወስደልካ ዝናብ መጸ ኣብ፡ ጥብ ዝበለት ማይ ካብ መጀመርያ ሓመድን ማይን ዝዓቀብካ ዋሓለ ትልሚ ወሓዚ ዝነበረ ቀላይ ዝገበርካ ደረጃ መስኖታት(Irrgations) ትቦታት ዘርጊሕካ ሃንደሳ ፕሮጀክት (Projects) ባዕልኻ ተቐጻጺርካ፡ ኣየ ውሕልነት ናይ ስራሕ ኣካይዳ፡ ዋርሳይ ጻዕርኻ ኣብ ግብሪ ኣመስኪርካ። በል ስማዕ ዋርሳይ ከምቲ ዓለምና ብውቅያኖስ ተኸቢባ ዘላ፡ ኤርትራ ከኣ ብማያት ኣካቢብካያ ኣሎኻ፡ ወረ እዚ ኹሉ ፍልጠትን፣ ተመክሮን መዓስ ዘጥረኻዮ እዩ:
ህዝቢ ኣተኩሩልካ ኣሎ ከተምጽእ ለውጢ፡ ህዝቢ ኣብ ጎንኻ ኣሎ ንዝሓተትካዮ ኩሉ በብሓንቲ ቅዋም ሕጊ ክትከል እዩ ኩሉ ፍታሕ ብዘተ ዲሞክራሲ። ኣንታ ፍሕሽው ዋርሳይ ብርዔይ ኣይከተዕርፍን እያ፡ ቀለመይ ውን ኣይክውዳእን እዩ ትብለካ ኣላ፡ ክጽሕፍን፣ ክምስክርን እየ ስለ እቲ ቅዱስ ተግባርካ። ኣፍልበይ ገቲረ ነጻ ኮይነ ሓሳባት ኣእምሮይ ክዛረብ ጽሑፈይ ገቲረ ኣብ መጋባእያ ዓለም፡ ብዕቢኡ ከኣ ቅዋም ሕገይ ተኺለ ኣብ ባይቶ ሃገረይ ክምድር እየ ኩሉ ብዛዕባኻ። ወረ ከቢዱኒ ኣሎ እንታይ እዩ ብልጫኻ፡ ናብ ህዝቢ እገድፎ እቲ ከቢድ ሓለፋኻ። ገና ኣይወዳእኩን ሓሳብ ጽሑፈይ ክጠቕሶም እየ ዘሕፈስካኒ ፍርያት ምህርተይ ስገም፣ስርናይ፣ዕፉን፣ድንሽ፣ጣፍ፣መሽላ፣ብልቱግ፣ዳጉሻ፣ስምስም፣ንሂጉ፣ጡጥ፣ጥረታት፣ ኣሕምልቲ፣ፍረታት ኩሎም ብሓፈሻ፡ ምርባሕ ከብቲ ስጋን፣ጸባን ኩሎም ናይ ባሕሪ ዓሳታት።
ኤርትራ ሃገረይ እኹል ሃብቲ ኣሎኪ፡ድምር ምስቲ ዘይተዳህሰሰ ድንግል መሬትኪ ንህዝቢ ዘጽግብ።ንኹሉ ግን ሰላም እዩ ወሳኒ።
እምለስ ናብቲ ህንጻታት ትሕተ ቅርጺ ገጠርን፣ከተማን ስራሓት ይኽይድ ኣሎ ኩሉ በብሓንቲ ፡ እቲ ኣብ ባርካ ጻዕዳ ሕምብርቲ ሃብቲ ሕርሻ ዝኾነት ካልእ ቦታታትን ሃኒጽካዮ ዘሎኻ ድንድላት ዓበይቲ ዓንዲ ( big bridges ) ብሓጺን ካሻስትሩስ (concrete)ተዓዚበዮ ኣለኹ ስርሓቱ ኩሉ በብሓንቲ። ድንድላት ብዝተወድኡን ብዝተደምደሙን በጻሕቲ ጋዜጠኛታት እንታይ ኢሎም ይጽሕፉ ይኾኑ?
ሓሳባተይ እናደጋገምኩ ከለኹ ኣብ መንጎ ሓደ ሓሳብ መጸኒ ከምዚ ከኣ በልኩ መጸውዒ ናይዚ ዓበይቲ ድንድላት  ብፍላይ ኣብ ባርካ ዝህነጹ ዘለዉ እንታይ መጸውዒ ስም ኮን ይወሃብ ይኸውን ኢለ ደጋጊመ ምስ ኣእሙሮይ ተዛረብኩ: ኣብ መወዳእታ ግን ዋርሳይ ድንድል (warsaay bridge ) ክብሃል ኣለዎ ክብል እንከለኹ፡ ተመሊሰ ንህዝቢ ኤርትራ ጠመትኩ፡ ምክንያቱ ኩሉ ግዜ መሰልን- ክብርን- ሕቶን ናይ ህዝቢ ስለ ዝኾነ፡ ደጋጊመ'ውን ሓሰብኩ፡ ኣብ መወዳእታ ናይ ህዝቢ ውሳነ ይበልጽ ኢለ ንሓሳባተይ ኣዕገብኩ።
መደምደምታ ጽሑፈይ ሓሳብ ምሃብ ናይ ደቂ-ሰባት ናይ ምንጪ ኣእምሮ እዩ፡ ሓሳን ግን መሃርን-ኣራምን ክኸውን ኣለዎ፡ ደረስትን- ጸሓፍትን ከም ዝብልዎ ንሓሳብ ስምዓዮ፡ ሓሳብ ኣብቲ ዝቀርበሉ እዋን እንተዘይሰርሐ  ኣብ ዝመጽእ እዋናት ተቀባልነት ረኺቡ ዝሰርሕ ክኸውን ይኽእል እዩ።  ስለዚ ወዲ- ሰብ ሓሳብ ኣቕራብን- ተቀባልን ምስ ዝኸውን ንኣሉታውን- ኣዎንታውን ምፍታሕ ኣይጽገምን፡ ምክንያቱ ሓሳባት ናይ ፍታሕ ኣምር እዩ። ወዲ- ሰብ ግን ሓሳባቱ ጸቒጡ ምስ ዝኸይድ ርእሰ ተኣማንነት የጥፍእ ንኣእምሮ ኣተሓሳስባኡ የምክኖ፡ ኣብ መወዳእታ ከኣ ሕግታቱን፣ መሰላቱን፣ ዕግበታቱን ፍታሕ ሲኢንሎም ኣበየናይ መኣዝን ይሓተሎምን ሓሳባት የቕርበሎምን ንምፍላጥ የሸግሮም፡ ምናልባሽ ኣብዚ ኣበሃህላ'ዚ ኣዛራቢ ነጥቢ ክመጽእ ይኽእል ይኸውን፡ እቲ ተጸቂጡ ዝብለጽ ከኣ እዩ ክኸውን፡ እሱ ግን ንዝገብሮን፣ንዝረኽቦን ሸለብ ገለብ እናበለ ሕልንኡ ቅሱን ኣይኮነን ዝሓድር፡ ካብ ከምዚ የድሕነና። እምበኣርከስ ኩሉ ንምዕራይ ኮይኑ ጌጋን-

ቅኑዕን ኣብዝን-ኣብትን ኣሎ ምባል ናይ ህዝብን- ሃገርን ክብሪ ዝህብ ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ረቛሕነት ናይ ደቂ-ሰባት ዝምልከት እዩ።

ሰላምን ፍትሕን ንህዝቢ ኤርትራ
ኣብ ኩሉ ማእቶት እተዋፈርካ ምስጋና ንዓኻ
ህዱእ ዓመት ኣብ ዕዳጋታትና ብፍርያት ሃገርና

ክፍላይ ተኪኤ
ጀርመን